# ግዜ ትጽቢት ዑቑባ ንዝሓተትካ

**ብዙሓት ሓተቲ ዑቑባ መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቑባነቶም ንምርካብ ነዊሕ ዝተጸበዩ ኣለው። ምጽባይ ከቢድ ከም ምኳኑ ይርድኣና ኢዩ።**

## እብዚ እዋን እዚ እዞም ዝስዕቡ ጉዳይ ንምውሳን ኢና ንርእዮም ዘለና፡

ክሳብ ወቕቲ ክረምቲ 2026 ጉዳያት ናይ'ቶም

- ኣብ 2023 ዑቑባ ዝሓተቱ
- ካብ ጥሪ  ክሳብ ሰነ 2024 ዑቑባ ዝሓተቱን

ቅድሚ ክረምቲ ንኹሎም ጉዳያት ርኢና ክንውስን ኣይከነርክበሎምን ኢና። ብመሰረት ዋና ሕጊ ኣሰራርሓና ጉዳያት ቀዳሞት ብቅድመተኸተል ሰሪዕና ርኢና ምውሳን ኢዩ።

## ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/ UDI ንጉዳይካ ብኸመይ ኢዩ ርእዩ ዝውስኖ፧

### ገሊኦም ጉዳያት ካብ ናይ ካልኦት ብዝያዳ ቀልጢፎም ዝሳለጡ ኣለው

ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ሓያሎ ሓተቲ ዑቑባ ኢዮም ዝመጽኡ። ኣብ ዘዝመጽሉ እዋን ድማ ናይ ኩሎም ጉዳያት ብሓንሳእ ርኢናን ወሲናን ብውዑዩ ከነሳልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ገሊኦም ጉጅለታት ጉዳያት ግና ኣቐዲምና ከነሳልጠሎም እንግደደሉ ኣሎ። እቶም ቀልጢፍና ከነሳልጦም እንግደድ ጉዳያት ድማ ከምዞም ዝስዕቡ ይመስሉ:

- ብሕጊ ደብሊን ዝርኣዩ ጉዳያት፡ ሓያሎ ጉዳያት ብስምምዕ ሕጊ ደብሊን ዝርኣዩ ኲይኖም ናብታ ጉዳዮም ክትርእዮ ዘለዋ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክምለሱ ዘለዎም ሓተቲ ዑቑባ።
- ብወገን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛትታ ዑቑባነት ዘየድልዮም ዝተባህሉ ጉጅለታት፡ ከም ንኣብነት ካብ ውሕስነት ዘለዋ ሃገር ኢዮም መጺኦም ተባሂሎም ሽዑ ንሽዑ ክምለሱ ዘለዎም ሓተቲ።
- ስድራቤታት ቈልዑ፡ ብዘይ ወለዲ ወይ ኣልዪ ንዝመጽኡ ቈልዑ፡ ከም ግቡእ ብቐዳምነት ተታሒዞ ብቕልጡፍ ክሰላጥ ዘልዎ ጉዳይ እውን ኢዩ።

ኣካል ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ጉጅለ እንተድኣ ዘይኰይንካ፡ ንቃለመሕተት ክትጽዋዕን ጉዳይካ ተራእዩ ክሳብ ዝውሰንን ነዊሕ ግዜ ክወስደሉ ይኽእል ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ጉዳይካ ኣበር ስለ ዘለዎ ወይ ከኣ ስለ ዝረሳዕናካ ኢዩ ማለት ኣይኰነን።

## ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተቲ ዑቑባ/ Nasjonalt ankomstsenter ኣብ እትቕመጠሉ እዋን

ኩሎም እቶም ኣብ ኖርወይ ዑቑባ ዝሓቱ፡ መጀመርታ ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተተ ዑቑባ ጉዳዮም ብምምልካት ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብዚ ንሓጺር እዋን ጥራሕ ኢኻ ክትጸንሕ፡ ምኽንያቱ ዘዝመጽኡ ሓደሽቲ ቦታ ንክረኽቡ።

መብዛሕቲኦም ናብ ስሩዕ መዓስከር ሓተተ ዑቑባ ኢዮም ዝግዕዙ፡ ኣብኡ ኸኣ ክስብ ንቃለመሕተት ዝጽውዑን ጉዳዮም ተራእዩን ተወሲኑን ዝውዳእ ድማ ኣብኡ ይጽበዩ።

ከም ሓታቲ ዑቑባ መጠን ኣብዚ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተተ ዑቑባ ቃለመሕተት ንከተካይድ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንክትመርጽ ወይ ጽልዋ ንከተሕድር ተኽእሎ የለን። ኣብ ከከም ብዝሒ ሓተቲ ዑቑባ ምሳኻ ዝመጽኡ ዝሙርኰስ ኢዩ።

## ኣብ ስሩዕ መዓስከር ሓተቲ ዑቑባ ኣብ እትቕመጠሉ እዋን

እንተድኣ ናብ ሕደ ስሩዕ መዓስከር ከይገዓዝካ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/ UDI ቃለመሕተት ዘየካዪዱልካ፡ ንቃለመሕተት ክሳብ ትጽዋዕን ጉዳይ ሕቶ ዑቑባነትካን ክሳብ ዝመለሰልካን ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ።

ኣብየ መዓስከር ተሓተቲ ዑቑባ ኣብ ኖርወይ ኣሊኻ፡ ንግዜ ትጽቢት ወላሓደ ተራ ዘለዎ ኣይኰነን።

## ምቕማጥካ ኣብ ብሕታዊ ቦታ ምስ ዝኾውን

እንተድኣ ንብሕትኻ ትቕመጥ ኣሊኻ ኲይንካ፡ ማለት ከምኒ ምስ ስድራቤት፡ ወይ እንዳ መሓዙት፡ ግዜ ትጽቢት ካብቶም ኣብ ናይ ስሩዕ መዓስከር ተሓተቲ ዑቑባ ዝቕመጡ ዝፈልዮ ወላሓንቲ የብሉን። ንቃለመሕተት ንክንጽዋዕካን መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቑባነትካ ንክንህበካን ክንረኽበካ እንኽእለሉ [መወከሲ ኣድራሻኻ፡ ኢ-መይልካን ቊጽሪ ስልክኻን ክትህበና ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።]

## እናተጸበኻ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንጉዳይካ እንታይ ኢዩ ዝገብሮ፧

ዑቑባ ኣብ እትሕተሉ እዋን፡ ዘመልከትካዮ ጉዳይ ሕቶ ዑቑባነትካ ንሓደ ካብ ተሓዝቲ ጉዳያትና ብምሃብ ክሳብ ግዜ ዝረኽብሉ ኣብ መስርዑ ይጸንሕ። እዚ ማለት ከኣ ጉዳይካ፡ ክሳብ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንቃለመሕተት ዝጽውዓኻ፡ ሓደ ዝሕዞ ኣሳላጢ የለን ማለት ኢዩ። እንርስያም ጉዳያት ግና የብልናን።

## ንቃለመሕተት ንክትጽዋዕ ግዜ ዝወስደሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ፧

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንቃለመሕተት ዝኣክል ግዜ ኢዩ ዝምድብ፡ ከም ልሙድ ሓደ ምሉእ መዓልቲ ኢዩ ዝምድብ። ነፍሰ ወከፍ ጉዳይ ድማ ሓያል ኣተላልማ ኢዩ ዝሓትት። ስለዚ ድማ ንኹሎም ነቶም ንኖርወይ ዘዝመጹ ቃለመሕተት ንከተካይደሎም ብዙሕ ግዜ ይወስድ።

## ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ መልሲ ንክወሃበካ ዝወስደሉ ግዜ ክንደይ ኢዩ፧

ኣብ መብዛሕቲኦም ጉዳያት፡ ደድሕሪ ቃለመሕተት ምውዳኡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI መስሲ ጉዳይ ቀልጢፉ ኢዩ ዝህብ። ይኹን ድኣ'ምበር ኣብ ገለ ገለ እዋናት ዝያዳ ግዜ እንጥቀመሉ እዋናት ኣሎ'ዩ። እንተ ዝሃብካዮ ሓበሬታታት ጥልቕ ኢልና ንክንርእዮ ንግደድ፡ ወይ'ውን ቅድሚ ጉዳይካ ምስላጥና ብዛዕባ ኩነታት ሃገርካ ዝያዳ ክንፈልጦ ዘለና ክህሉ ስለ ዝኽእልን ኢዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ መልሲ ጉዳይካ ንክንህበካ ግዜ ይወስደልና ይኽእል። መልሲ ዘይወሃብ ግና የለን።

## ጉዳይካ ብዝቐልጠፈ ንክሰልጥ ብወገንካ ክትገብሮ ዘድልየካ ነገር ኣሎ'ዩ፧

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ።

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት መንነት እንተድኣ ኣለውኻ ኰይኖም፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦም ኣለካ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዘባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዮምኻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኢኻ ክትሰዶም ዘለካ።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ብምሉኦም ሰነዳትካ ንክህልውዎ ኣገዳሲ ኢዩ። ጉዳይካ ካብ ዘድሊ ግዜ ንላዕሊ ንከይወስድ ብምልኦም ሰነዳትካ ብምሳድ እጃምካ ከተበርክት ትኽእል ኢኻ።

## ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ብዝምልክት ክህበካ ዝኽእል ኣየኖት ሓበሬታታት ኣለው፧

ሓያሎ ሰባት ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ጉዳዮም ንክሓታትቱ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ዝውከሱ ኣለው። ንብስልኪ ንዝድውሉ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታና udi.no ዘሎ ወጻኢ ክንህቦም እንኽእል ካልእ ሓበሬታ የለን።

ጉዳይካ ንምርኣይን ምውሳንን ካባኻ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድኣ ኣድልዩና፡ ክንውከሰካ ኢና።

## ጉዳይይካ ካብ ተርታ መስርዑ ንቕድሚት ክሓልፍ ይኽእል ድዩ፧

እቶም መብዛሕቲኦም ኣብ ኖርወይ ዑቑባ ዝሓቱ፡ ጉዳዮም ቀልጢፉ ክሳለጠሎም ኢዮም ዝደልዩ። ጉዳይካ ንቕድሚት ከነሕልፎ እንተኹይና ግድን ገለ ፍሉይ ምኽንያት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ።

---

## ሕደሳ ሓበሬታታት

እዚ ሓበሬታ እዚ፡ መወዳእታ ዝተሓደሰሉ እዋን ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2026 ኢዩ።

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 15 ጥሪ 2026 ዝምልከቱ'ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ቅድሚ ወርሒ ሓምለ 2026 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ኣብ መንጐ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ክሕደስ'ዩ።